ህዝቢ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ምስ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሓራ እዮም። ድሕሪ ደጊም ሓዘን መከራ ብኽያት ዋይዋይታ ኣይክህሉን እዩ። ኣብ መንግስተ ሰማይ ሕማም፡ ሞት፡ ቀብሪ፡ ኵሉ እዚ የሎን። ህዝቢ ኣምላኽ ንፈጣሪኡ ንዘለኣለም ብሓጐስ እንዳመስገነ
ክነብር እዩ። ኣሜን!



19

እቲ ካብ ኵሉ ዝበለጸ ኵሎም ዓሌት ኣዋልዶም ኣወዳቶምን ዓበይቶምን ብጐይትኦምን መድሓኒኦም ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኣመኑን ዝተኣዘዙን ህይወቶም በቲ ደምን ገንሸል ዘጽረዩ ዝኣትውዋ ፍልይቲ ቦታ እያ።




20

ኣብ መንግስተ ሰማይ ‘መጽሓፍ ናይቲ ገንሸል’ ኣሎ፡ እዚ ከኣ መጽሓፍ ህይወት ይበሃል። ምሉእ ኣስማት ዝርዝር ዘለዎ እዩ። ሽም ናይቶም ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝኣመኑ ኣብኡ ተጻሒፉ ኣሎ። ናትኻ ስም’ከ ኣብኡ ይህሉዶ ይኾውን? *ናብዛ መግለጺ ዝሰኣነላ ከተማ ህያው ኣምላኽ ክትኣትው ትደሊ/ዶ ኢኻ?*




21

ብዛዕባ መንግስተ ሰማይ ንብሎ ቃል ኣዝዩ ባህ ዘብል ቃል እዩ።




22

# መንግስተ ሰማያት ዘበለጸት ከተማ ኣምላኽ



ምኽንያቱ ኣምላኽ ንዓና ንሕሩያቱ ዘዳለዎ ብዓይኒ ሰብ ዘይተራእየ ኣብ እዝኒ ሰባት ዘይተሰምዔ ኣብ ልቢ ደቂ ሰባትውን ዘይተሓስበ "እቲ መንፈስን እታ መርዓትን‘ንዓ’ይብሉ ኣለው" እቲ ዝሰምዕውን‘ንዓ’ይበል። ዝጸምኤ ከኣ ይምጻእ ዝደለየ’ውን ማይ ህይወት ብኸምኡ ይውሰድ።




23

መንግስተ ሰማያት ዘበለጸት ከተማ ኣምላኽ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዮሃንስ 14; 2ቈረንጦስ 5;
ራእይ 4፡21፡22

”ምኽፉት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፡130

**ጸሓፊ** Edward Hughes
**ገላጺ** Lazarus

ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፡
ሙሉጌታ ዘርኣይ፡ ጸሃይነሽ ታደሰ
**ኣወሃሃዲ** Sarah S.

ዛንታታት ካብ 60 ክሳብ 60

**M1914.org**

ፍቓድ፡ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፡

እግዚኣብሄር ጌጋ ከም ዝገበርና ይፍልጥ እዩ፡ ንዕኡ ድማ ሓጢኣት ይብሎ። ዓስቢ ሓጢኣት ከኣ ሞት እዩ።

እግዚኣብሄር ኣዚዩ ስለዘፍቅረና ንወዱ ሰዲዱልና፡ ኢየሱስ ከኣ ኣብ መስቀል ሞይቱ ዕዳና ከፊሉልና እዩ። ኢየሱስ ብኣካል ናብዛ ምድሪ ወሪዱ ኔሩ ሕጂ ግና ናብ ሰማይ ተመሊሱ ኣሎ። በዚይ ድማ እግዚኣብሄር ሓጢኣትና ሓደገልና።

ካብ ሓጢኣትካ ክትወጽእዶ ትደሊ እኻ፧ ንእግዚኣብሄር ከምዚ በሎ፡ ኦ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ከምዝሞተለይን ካብ ሞት ከምዝተንሰኤን ይኣምን እየ። ኦ ጎይታ ናብ ሂወተይ ንዓ፡ ንሓጢኣተይ ድማ ይቕረ በለለይ፡ ምእንቲ ሓድሽ ሂወት ክህልወኒ፡ ምስካ ድማ ንዘልኣለም ምእንቲ ክነብር። ከም ወድኻ ኮይነ ክነብር ሓግዘኒ። ኣሜን። ዮሃንስ 3:16

መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብብ ንእግዚኣብሄር ከኣ መዓልታዊ ኣዛርቦ ብጸሎት።

**ትግርኛ** Tigrigna

ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብዛ ምድሪ ከሎ ንደቂ መዛሙርቲ ብዛዕባ መንግስተ ሰማይ ነጊርዎም እዩ። ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ፡ እቲ ማሕደር ድማ ዓብዪ ኣዝዩ ዘደንቕን ጽቡቕ እዩ። መንግስተ ሰማይ ዓብዩን ኣዝዩ ጽቡቕን ኣዝዩ ካብዚ ምድሪ ዘሎ መነጻጸሪ የብሉን።



1

ኢየሱስ ንሃዋርያት ከምዚ በሎ ″ቦታ ከዳልወልኩም ይኸይድ ኣለኹ ዳሕራይ መጺኤ ክወስደኩም እየ″ ስለዚ ኢየሱስ ድሕሪ ትንሳኤኡ ናብ መንግስተ ሰማይ ከይዱ። እቶም ሃዋርያት ካብ ዓይኖም ክሳብ ዝሰወር ኣንቃዕሪሮም እንዳጠመትዎ ከዱ።



2


ስለዚ ክርስትና ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝምለስ እንዳ ተጸበካዮን ንምካድ እንዳ ተዳለካን ዝንበር ናብራ’ዩ። ኢየሱስ ነጊሩናዮ ብዘይተጸበኩምላ ሰዓት ብሃንደበት ክመጽእ ኢሉ ኣቀዲሙ ነጊሩና’ዩ፣ ቅድሚ ኢየሱስ ምምላሱ ንዝመቱ ኣመንቲ ክርስትያናትከ?
ምስ እግዚኣብሄር ምንባር
3
መጽሓፍ ቅዱስና ከም ዝገልጾ ናብ ኢየሱስ እዩ ኵሉ ዝእከብ ብህይወት ዝጸንሐ ይኹን ኣቀዲሙ ዝሞተ፣ ነዚ ስጋዊ ኣካልና ገዲፍና ‘ምስ እግዝኣብሄር ምንባር’ እዩ፣
ምስ እግዚኣብሄር ምንባር
4
መጽሓፍ ቅዱስና ኣብ ራእይ ዮሃንስ ከምዝብለና መንግስተ ሰማይ ከመይ ተስተንክርን ተደንቅን ምኳን ምጽባቃ ዝገልጽ። እቲ ኣዝዩ ዘገርምን ዘደንቅን ንጽባቀኣ መግለጺ ዘይምርካብዩ፣ ሃገር እግዚኣብሄር መንበር ጐይታ።
5
ዋላኳ እግዚኣብሄር ኣብ ኵሉ ዝርከብን ብቦታ ዘይድረትን እንተኾነ ዝፋን እግዚኣብሄር ግና ኣብ ላዕሊ ኣብ መንግስተ ሰማያት እዩ።
6
መላእኽትን ካልኦት ናይ ሰማይ ሰራዊትን ንእግዚኣብሄር ኣብ መንግስተ ሰማያት እዮም ለይቲ ምስ መዓልቲ ዘመስግንዎ። ከምኡ’ውን እቶም ደቂ ሰባት ሞይቶም ንመንግስተ ሰማይ ዝኸዱ። ፍሉይ መዝሙር ምስጋናዮም ንእግዚኣብሄር ዘቅርቡን ዝውድሱን።
7
ገለ ካብቲ ዘመስግንዎ ንውሰድ ″ንሳቶም ከኣ ተሓሪድካስ ብደምካ ካብ ብዘሎ ዓሌታት ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዝኹኑ ሰባት ዐዲግካሉ ኢኻ ንኣምላኽና ዝኰኑ መንግስትን ካህናትን ገበርካዮም፣ ኣብ ምድሪ ድማ ኪነግሱ እዮም።
8
እሞ ንስካ ኑቲ መጽሓፍ ክትወስዶ ኑቲ ማሕተምውን ክትፈትሖ ብቑዕ ኢኻ እናበሉ ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ″።
ራእይ 5:9
9
ኣብ መጨረሽታ ገጻት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መንግስተ ሰማያት ″እታ ሓዳስ የሩሳሌም″ ዓባይ ከተማ ብዓበይቲ ቀጽሪ እትከበት ገይሩ ይገልጻ፣ እቲ ቀጽራ ድማ ብያስጲስ እተነድቀ እዩ።
10
እታ ከተማውን ጽሩይ ወርቂ ከም ጽሩይ መረጸን እያ ትመስል። መሰረታት ቀጽሪ እታ ከተማ ኹሉ ብኽቡር እምኒ ዘበለ ተሰሊሙ እዩ ነፍሲ ወከፍ ደገ ካብ ሓደ ሉል እተገብረ እዩ።
11
እዞም ደጌታት እዚኣቶም ፈጺሞም ኣይዕጸውን እዮም እታ መደነቂት መንግስተ ሰማያት ጽባቀ ውሽጣ’ከ ከመይ ይመስል? እታ ከተማ ጽሩይ ወርቂ ከም ጽሩይ መረጸን እያ ትመስል።
12
ከም ክሪስታል ዝምጽራዩ ርባ ማይ ህይወት ካብቲ ናይ ኣምላኽን ናይቲ ገንሸልን ዝፋን ዝወጸ። ኣብዚ ሩባ እዚ ፍረ እትህብ ኦም ህይወት ማለት እታ ናይ መጀመርታ ኦም ህይወት ኣብ ኤደን ገነት ትርከብ። እዛ ኦም እዚኣ ፍልይቲ ኦም እያ። ምኽንያቱ ኣብ ወርሒ ሓደ ጊዜ እቲ ፍረ ናይ ዓመት ኦም እያ። ቆጽሊ እታ ኦም እቲኣ ከኣ ፈውሲ ህዝብታት ኰይኑ ኣሎ፣
13
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኬብርሃሎም ንዘለኣለምውን ኪነግሱ እዮም እሞ ድሕሪ ደጊምሲ ለይቲ ኣይኪኸውንን ብርሃን ቀንዴልን ብርሃን ጸሓይንውን ኣይኬድልዮምን እዩ።
14
ኣብ መንግስተ ሰማያት ዘለው እንስሳታት ከም ናይ ምድሪ ተጐዳእቲ ዘይኮኑስ ፍሉያት እዮም። ኵሉ ጊዜ ዘይታናኮሉ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዝገልጾ ተኵላ ምስ ኢራብ ሳዕሪ ክበልዕ ኣንበሳ ምስ ምራኽ ክድቅስዩ። እግዚኣብሄር ኢሉ እዩ እሞ ኣይባሉዑን ኣይጓድኡን ኣብቲ ክቡር ቅዱስ ከረን እግዚኣብሄር ዝኾነ መንግስተ ሰማይ።
15
ኣብ መንግስተ ሰማይ ደሊና ዘይንረክቦ ኣብዚ ምድሪ ንፈልጦ ዝነበርና ብዙሕ ነገር ኣሎ። ባእሲ፣ ሓሜት፣ ጸርፊ፣ ባእሲ ዝበሃል የሎን። ኣብቲ ኣፍ ደገ መፍትሕ ዝበሃል የሎን ምኽንያቱ ሰራቂ ዝበሃል የሎን።
16
ሓሳዊ፣ ቀታሊ፣ ዓማጺ፣ መታለሊ፣ ተንኮለኛ ዝበሃል የሎን። ሓጢኣት ዝበሃል ኣብ መንግስተ ሰማያት ኣይርከብን እዩ።
17
ውሉድ እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪ በቲ ዝረኸቦም መከራን ጸበባን ይሓዝኑን ይነብዑን እዮም። ኣብ መንግስተ ሰማያት ግና ኣምላኽ ንብዘሎ ንብዓቶም ካብ ኣዒንቶም ደሪዝዎ’ዩ፣ ንብዓት ዝብሃል የሎን።
18